# ብጽንዓታን ርእሰ ምርኰሳን ንዘልኣለም ትንበር ኤርትራ!!

እዛ ናይ ልብና'ወ እዛ ክብርቲ ኤርትራ! ኣብ ምንታያ'ዩ ሓይላ እቲ ምስጢራ?
ሓደ ዝሕግዝ ዘይብላ ዝተሓባበራ! ብሓፋሽ ይወደብ ይንቃሕ ይተዓጠቕ ጀሚራ፤
ብጽንዓት ነኺሳ ኑቲ ዘይከኣል ጸይራ፤ ናይ ውሽጥን ወጻእን ንህዝባ ኣስሚራ፤
ንጽንኩራት መኪታ ሽርሕታት ሰጊራ፤ ንዘዝመጸ ወራራት ደራዒማ ኣሕሪራ፤
ንዓመጽትን ሓገዝቶምን መኪታ ሰዓራ፤ ሃገረይ ስልማተይ ብመትከል ዘሚራ፤
መስዋእቲ ከፊላ ስንክልና'ውን ጸይራ፤ ብገዛእ ቅልጽማ'ያ ዘውዲ ደፊኣ ከቢራ።

ሓርነታ ግን ንዓለም መታን ከይመ'ራ! ብሕጋዊ መንገዲ ንዝምልከቶ ኵሉ ነጊራ።
ድሌቱ ብነጻ ኪገልጽ ንህዝባ ምሂራ፤ "እወ" ወይ "ኣይፋል" ንኺመርጹ መኺራ፤
ጽፉፍ ረፈረንደም ብዓወት ተግቢራ! 99.8% 'እወ' ከምዘድመጸ ከኣ ኣመስኪራ።
ሉኣላውነታ ኣረጋጊጻ ብሕጊ ከቢራ። ብዓለምለኻዊ ሕጊ እንከላ ሰቒላ ባንዴራ፤
ስለምንታይ ግን ዓለማት ዝብህርራ? ዘውዲ ናይ ሓርነት ብምድፋኣ ዝጻረራ።
ይውሓጥኦ'ምበር፡ ይፍተዋ ይሕረራ። ገና ቅያታት ኣሎ ዓቕሊ ጥራይ ይግበራ።

ሓድነት ህዝባ'ዩ እቲ ሓይላ ምስጢራ፤ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ይኹን ዲያስፖራ፤
ኣብ ሓንቲ ሰንደቕ ጥሙር'ዩ ብማሕላ፤ ይርእይኦ'ንዶ ኣለዋ ሓቂ እንተዝምስክራ፤
እንታይ ደኣ'ዩ ወሪዱወን ዘዕገርግራ? ቅጭ ዘምጽኣለን ምዕባሌኣ እንኪንገራ።
ብዛዕባኣ እንኪዝረብ ኵለን ዚብህርራ። ኣብዛ መሬታ እንከላ ውዒላ ሓዲራ፤
ተወዝ እንከይበላ ኵለን ኢደ እግራ፤ ቦግ ኣቢለን ዝጥቅናኣ ንሶማል ተሳጊራ።
ንኣልሽባብ ሓጊዛቶም ሓይላ ኣዋፊራ። ብዘመተ ተበራርየን ብሓሶት ዘማርራ።

ብመራኸቢ ብዙሃን ናይ ጠቕን መናወራ፤ ሓጊዛ ኢለን የጸልማኣ ንግብረ ሽበራ።
ኣብ ሲሪላንካ ድማ ይብላ ተመሻጢራ። ይኽሰ'ውን ሰራዊት እስራኤል ኣስፊራ።
ጸኒሐን ከኣ ንኣውስትረልያ ተሳጊራ። ድሕሪኡ ይብላ ምስ ኢራን ተማኺራ፤
ዘድልዮም ሂባቶም ንመዓስከሪ ስፍራ። እንታይዩ'ቲ ጸገመን ክንድዚ ዝብህርራ?
ሽሕር'ዶ ኣሎዋ'ዩ ብምስጢር ዝሰውራ? ክንደይድ'ዩ ብዝሓም እቶም መሓውራ?
ከመይ ደዮም'ከ ዚዝርግሑ ሰራውራ? ወይስ ብተኣማር ልዕለ ሓያል'ያ ተቐይራ?

ሓቂ ግዳ ተዛረባ ሕልናኽን መርምራ። እንታይዩ'ቲ ሓጥያታ ገበነኛ ዘቑጽራ?
ህዝባ ብምዕጣቓ ድዩ ንስራሕ ብወፈራ? ወይ ዲጋታት ምህናጻ ማያታ ዝዓቑራ?
መግባ ምፍራያ ድዩ ንጽባሕ ዘንብራ? ወይስ ብሓደ ልቢ ንህዝባ ብምስማራ?
ገበን'ድዩ ምንቃሓ ንጎረባብታ መኺራ? ኲናት ወጊድ ኢለን ብሰላም ኪነብራ።
ዋላ እንተእመነተን ህዝበን ንኽሕብራ? ኣብነት እንተኾነተን ብርእሰን ኪሓድራ።
ንህዝበን ከንቅሓ መንእሰያተን ከምህራ? ሓድሕድ ክንዲ ዝፋለሳ ብሳዞም ብኻራ?

ብዘይካ'ዚ ደኣሞ እንታይ'ዩ እቲ በደላ? ብዙሕ ዘሀተፍትፉ ደጋጊመን ዝዓፍራ።
ከየቋረጸ ዝኸሰኣ ንገበነኛታት ምእሳራ? ከምኡ'ዶ ከይኮነ ንባዕላተን'ውን ዝገብራ?
እስኪ ኣበይ ሃገር'ዩ ኣበየናይ ሰፍራ? ጋዜጣታት ብዘይቀይዲ ድላየን ዝገብራ?
ሰሚዕና ኢና'ኮ እንታይ ከምዝሓበራ። ኣመሪካ ምስ ናቶ ንዒራቕ ምስ ወረራ።
ኣፍጋኒስታን ሶማል ሕጂውን ንሊብያ። ኣፈን'ዶ ከይለጕምአን ሓቂ ንኸይነግራ።
ኣየነይቲ ጋዜጣያ'ሞ ነቲ ውድዕ ነጊራ? ካብ ስራሕ ደኣ ተባረራ እተን ዝደፈራ።

ኤርትራስ ብሕጊ'ያ ንዝኣበሱ ኣሲራ። ንድሕነት ህዝባ ንውሕስነት ጸጥታ ሃገራ፤
ምውጋዳ ብናይ ደገ መወልቲ ንዝዝወራ፤ የምሕረላ እምበር ከመይሉ'ዩ ዘነውራ?
ብልቢ ሰሚሩ ንዝነብር ህዝባ ብሓበራ! ጎደጂለን ንኸናቑትኦ ሽርሒ ዚጽሕትራ።
ኣግሂደን ግዳ እቲ ዘሻቕለን ዘይነግራ። ጥሙር ህዝቢ ደኣ ኣበየ'ሎ ከም ኤርትራ?
ደቃ ንሳዋ ብምውራዶም ዘዕገርግራ! መኣስ'ዩ ነውሪ ዝኾነ ሃገር ንደቃ ምምሃራ!
ሓገዝ ዘይለመነትና ኢለን ዘማርራ! መኣስ'ዩ ዓገብ ኮይኑ እቲ ብነብሳ ምሕዳራ?

ንመን'ዩ ዝኸብዶ ምሕዳራ ብጽፍራ? ክንደይ ምጸበቐ ካልኦት ከምኡ 'ተዝገብራ።
ካልእ ደኣ ኣልዩ ዚሓሰብኦ ሽጣራ፤ እተን ከደምተንሲ ግፍዒ እኳ'የን ዝገብራ።
ርኢና ገንዘብ ህዝቢ ንደገ ከሰግራ። ፈሊጥናየን ከኣ እተን ንምሲጋሩ ዝተሓባበራ።
ብገንዘቦም ጌረን ቀኣጠባአን ከህጥራ። ዓለም'ኳ ብቴክኖሎጂ ቀኣሽት'ያ ተቐይራ።
ኵሉ'ዩ ዝፈልጦ ከመይ ከም ዝገብራ። ክሳብ ዝምእመአን በቲ ገንዘቦም ይናበራ።
ህዝቢ ምስነቕሐ መዝሙር ይቕይራ። ንብረቱ ወሪሰን ዲክታተር ኢለን የነውራ።

እዛ ህያብ ሰዉኣት ክብርቲ ኤርትራ፥ ሕጂ 20 ዓመት ድሕሪ ምዕዋቱ ሰውራ፥
ቅያታት ፈጺማ ጸገማት'ውን ሰጊራ! ብጽንዓት'ያ ጨቢጣቶ ነቲ ግቡእ ክብራ።
ኪወርር ንዘዝመጸ እናገበረቶ ዓፍራ። ኣብ ርእሰ ምርኮሳ ኣሚና ንስራሕ ወፊራ።
ህዝባ ብሓደ ልቢ ብሓድነት ጠሚራ። በታ "ዓወት ንሓፋሽ!" ጭርሖኣ ጀሚራ!
ርሃጸ ኣንጠብጢባ ደኺማ ፋሕቲራ፤ ንድሕረትን ድኽነትን ንሓዋሩ ቀቢራ፤
ሕድሪ ሰውኣታ ንሓዋሩ ኣኽቢራ፤ ግድን'ዩ ክትነብር ንዘልኣለም ከቢራ።

ዮሃና! ዮሃና! ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ! ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዘለዉ ኣብ ድያስፖራ፤

ብፍላይ ድማ ንሓይልታት ምክልካል ንዋርሳይ ይከኣሎ ኵሎም ብሓበራ!
ንሓለውቲ ሉኣላውነት ንዘንጊ ባንዴራ! ነቶም ፈጠርቲ ልምዓት ናይ ስልጣኔ ጩራ!

ዘልኣማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰውኣትና! ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

መትከል ኣስመሮም ስቶኮልም ሽወደን።